በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሓዱ አምላክ፡ አሜን።


**ቅድስት ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ በይ ኤርያ**

**St. Mary Eritrean Orthodox Church Bay Area**

**2500 Hansen Rd Hayward, CA 94541. *Phone 510-593-3819.***


## ምእመናን ቅ. ማርያም በይ ኤርያ ህንጻ ቤተክርስትያን ንምግዛእ፡ ኣብ ክልተ ሰናብቲ 120,000.00 (ሚእትን ዕስራን ሽሕ) ዶላር ኣዋጺኦም።

**"ንሕና ብዙሓት...ብክርስቶስ ሓደ ስጋ ኢና፡ በብሓደ ግና ነንሕድሕድና ኣካላት ኢና።...በበይኑ ዝኾነ ውህበት ጸጋ ካብ ዚህልወናስ...ኣገልግሎት እንተኾይኑ ብኣገልግሎትና ንጽናዕ፡ ዚምህር እንተኾይኑ ብምምሃሩ ይጽናዕ፡ መዓዲ እንትኾይኑ ብምምዓዱ፡ ዚህብ ተገሪሁ ይሃብ፡ መራሒ እንተኾይኑ፡ ብትግሃት ይምራሕ፡ እቲ ዝድንግጽውን ብሓጎስ ይደንግጽ።" ሮሜ 12፡4-8**

"ንኣምላኽ ሂቡ ዝደኸየ የሎን" ብዝብል ቅዱስ ቅንኢ ምእመናን ቅ. ማርያም ኣብ በይ ኤርያ ኣብ ክልተ ሰናብቲ ጥራሕ ልዕሊ 120,000.00 ዶላር ኣዋጺኦም፤ እዚ ካብ ፍርቂ ኣባላት ቤተክርስትያን ዝተዋጽአ ኮይኑ፡ ብፍታው ልብን ብዓብዪ መንፈሳዊ ቅንእን ዝተበገሰ ቅዱስ ወፈያ ቀጻሊ እዩ።

ኣብ ርእሲ እቲ ስሩዑ ቅዳሴ፡ ብመልክዕ ሰብከት፡ ትምህርትን ሰሚናራትን ቀጻሊ ትምህርቲ ክርስቶስን ስርዓት ቤተክርስትያንን ብዕምቆት ኣብ ምምሃር ዝርከቡ ምእመናን ኣብዚ ጽንኩር ቤተክርስትያንና ኣብ ከቢድ ፈተና ወዲቓ ትናወጸሉ ዘላ እዋን ብመንፈሳዊ ንቅሓት ይጽዕሩን ይዓዩን ኣሎዉ። ኣብዘን ዝሓለፉ ሒደት ኣዋርሕ፡ ውሽጣዊ መምሓደሪ ሕጊ ኣጽዲቖም፤ ስሩዕ ትምህርቲ ቛንቛ ትግርኛ ጀሚሮም፤ ፍሉይ ትምህርትን ሰሚናርን ንድያቆናትን ንመንእሰያትን ኣብ ምክያድ ይርከቡ። እንተኾነ እቲ ንግዜኡ እነገልግለሉ ዘሎና ናይ ግብጺ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፡ ነቲ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እንዳሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ኣገልግሎት (ንህጻናት፡ መንእሰያት ወለድን) ከስተናግደና ብዘይምኽኣሉ ህንጻ ቤተክርስትያን ንምግዛእ ተወሲኑ ኣብ ምንቅስቓስ ንርከብ። እቲ እንነብረሉ ዘሎና ክፍለ ሃገር (ስተት) ህንጻ ክቡር ስለዝኾነ



**ካብ ኩሉኹም ምእመንናን ኦርቶዶክስ ተዋህዶን ገበርቲ ሰናይ ዜጋታትን ዓቕምኹም ዘፍቅዶ ክትድግፉና ብኣኽብሮት ንዕድም።**
**በዚ ኣብ ላዕሊ ተዋሂቡ ዘሎ ቅጽሪ ስልኪ፣ ንመራሒ ቤተክርስትያን ኣቦይ ቀሺ ዲበ ቀሺ ላይነ ክትውከሱ፣ ብእኡ ኣቢልኩም ድማ ነቶም ነዚ ዕዮ ዝተመዘዙ ደቂ ቤተክርስትያን ኪትረኽብዎም ከምእትኽሉ ነዘኻኽር።**

**St. Mary Eritrean Orthodox Church Bay Area is planning to buy a building that accommodates the increasingly growing services of the church. Hereby is requesting a donation from all who want to be part of this rewarding and noble mission. You can contact the fund raising committee through the priest of the church Fr. Dibe using the phone number given at the above.**

**ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!**

**ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።**

**ኣገልገልትን ምምሕዳር ሰባኻ ጉባኤን ቅ. ማርያም ቤተክርስትያን በይ ኤርያ።**